# ሓርበኛ ኣምባሳደር ኣድሓኖም ነባሪ ታሪኽ ገዲፉ ስለዝሓለፈ ብሰላም ዕረፍ!!

ሞት ሓርበኛ ኣምባሳደር ኣድሓኖም ገረማርያም ምስ ሰማዕኩ ብጣዕሚ ሓዚነ። ዘይሃስስ ታሪኽ ገዲፉ ስለዝሓለፈ ግና ብሰላም ዕረፍ መንግስተ ሰማይ የዋርሶ። ንቤተ ሰቡን ፈተውቱን ከኣ ጽንዓት ይሃብኩም ክብል ክብሪ ይስምዓኒ።






1. ጸሓፊ፡ ብሪ/ ጀነራል ተኸስተ ሃይለ፡ 2. ሓርበኛ ኣምባሳደር ኣድሓኖም ግዜ ገድልን ግዜ ሓርነታዊ ቓልስን፡

ሓርበኛ ኣምባሳደር ኣድሓኖም ከም ኩሉ ሰብ'ዩ ናይ ሞት ዕጫ በጺሑዎ። ምኽንያቱ ብሕጊ ተፈጥሮና ከምታ ዝተወለድካላ፡ ሓንቲ መዓልቲ እዉን ካብዛ ዓለም ሓንሳብን ንሓዋሩን ብሞት ክትፍለ ባህርያዊ ትዕድልቲ ናይ ኩሉ ፍጡር ስለዝኾነ ። እቲ ኣገዳሲ ግና ኣብ ዓለም ብሂወት ኮለኻ ብጽቡቕ ታሪኽ ትዝከረሉ ነገራት እንተለዎ ግና፡ እቲ ሓዘን መሪር ዋላ እንተተኾነ ንታሪኹ ክብሪ ሂብካ ከተሞጉሶ፡ ንጽቡቑ ወሪስካ ከኣ ነቲ ዘይትመልሶ ነገር ግና ተቐቢልካ ነብስኻ ኣጸናኒዕካ ጥራይ ክትከይድ ትግደድ።

**ክቡር ሓርበኛ ኣምባሳደር ኣድሓኖም፡ ካብ 1972 – 2021 ዘሎ ግዜ ከይተሓለለ ብጽንዓት ተቓሊሱ። ንሱ ቕድም ንናጽነት፡ ደሓር ከኣ ኣካል ዲክታተርያዊ ስርዓት ዋላ እንተነበረ፡ ግን ከኣ ኣካል ቕዋምን ፍትሕን ነይሩ። ምኽንያቱ  ንዘጋጠሞ በደል ብልዑል ተጻዋርነት ሰጊሩዎ። ንዝተቓለሰሉ ህዝባዊ ዕላማ ብጽንዓት መኪቱዎ። ብግዝያዊ ስልጣንን ረብሓን ኣይተደለለን። ንሱ ኣባል ጉጅለ 15- ኮይኑ ነቲ ዝፈረመሉ ግን ከኣ ዝተጨውየ ቕዋም ክትግበር ተማጒቱ። ብሓፈሽኡ ከኣ ልዕልና ሕጊ ክነግስ ደሞክራስያዊ ምምሕዳር ክሰፍሕ ዝተጣበቐ ናይ ሕጊ ሙሁር ምዃኑ ብግብሪ ዘመስከረ ሓርበኛ እዩ። ምስቲ ዘይሕጋዊ ስርዓት ብፖለቲካዊ መርገጺኡ ምስተፈልየ ከኣ፡ ናብርኡን ስድራ ቤቱን ንምእላይ ከይሓሰበ ኣብ ደምበ ተቓዉሞ ንፍትሒ ተሰሊፉ። ሕድሪ መቓልስቱ ኣኸቢሩ ሽቶኡ ከወቕዕ ኢሉ ንዳግማይ ሓርነት ብትብዓትን ተወፋይነትን ዝተቓለሰ ጅግና እዩ። ንሱ 49 ዓመታት ኣብነታዊ መምህር ስለዝኾነ፡ እዚ ሓዲሽ ወለዶ ንጽንዓቱን ሓርበኝነቱን ንጽቡቕ ታሪኻዊ ክብሩ ወሪሱ ከኣ፡ ተመሊሱ ረዚን ሓላፍነት ተሰኪሙ  ንፍትሒ ክቓለስ ሃገራውን ታሪኻውን ግዴታ ከምዘለዎ ይኣምን።**

ሓርበኛ ኣምባሳደር ኣድሓኖም 4 - በበይኑ መድረኻት ዘለዎ 49 ዓመታት ዘጠቓልል ናይ ሓርበኝነት ታሪኽን ሃገራዊ ኣበርክቶን ስለዘለዎ ታሪኹ ንምስናድ ነብሱ ዝኸኣለ መጽሓፍ ከምዘድልዮ ይኣምን። ይኹን'ምበር ብወገነይ ገለ ካብቲ ዝፈልጦ ኣሕጺረ ክምስክረሉ ግና ሕልናዊ ዕግበት ይስምዓኒ። ኣብ ሓርነታዊ ቓልሲ ምስተጸንበረ ከኣ እቶም ናይ ቐረባ መሳርሕቱ ዝነበሩ ክገልጹዎ ጽቡቕ ይኸውን። ምኽንያቱ ዘይሕጋዊ ስርዓት ኤርትራ ብፖለቲካዊ ርእይትኡ ካብኡ ንዝተፈልየ ሰብ ከም ተቓዋማይ ስለዝቖጽሮ ብሃገራዊ ክድዓት ይውንጅሎ። ስለዚ ንሰብኣዊ መሰሉን ንታሪኻዊ ኣበርክትኡን ኣኽቢሩ ናይ ሓዘን መግለጺ ክገብር ኣይሕሰብን እዩ ምኽንያቱ ምልካዊ ስነ ሓሳብ ሰይጣናዊ ባህርያት ስለዘትሕዞም ከኣ፡ እቲ ሰብኣውን ሕልናውን መንፈሶም ከጥፍኡ ስለዝግደድ እዩ።

ናብ ታሪኽ ቓልሱ ክምለስ፡ ሓርበኛ ተጋዳላይ ኣድሓኖም ከም ኩሉ መንእሰይ ኤርትራ ኣብ 1972 ካብ ዩኒቨርሲቲ ኣዲስ ኣበባ ናይ ሕጊ ትምህርቱ ኣቛሪጹ ምስ ካልኦት 11 ሙሁራት ናብ ህዝባዊ ሓይልታት ተጸንቢሩ። ኣነ ክሰለፍ ኮለኹ (**ስልፊ**

**ናጽነት**) እቲ 1ይ ወገን ህዝባዊ ሓይልታት ዝጽዋዕ ዝነበረ - 4 - ሓይልታት ጥራይ ጸኒሑና። ሓንቲ ሓይሊ ብኣቛዉምኣ እታ ዝበዝሑት 80 ሰብ ነይሩዋ። ንሕና ከኣ 80 ሓደስቲ መንእሰያት ስለዝተሰለፍና ናብ ሓይልታት ምስተመደብና እቲ ዓቕሚ ሰብና ማዕረ ሓደ ሓይሊ ነይርና። ስለዚ ኣብ መፋርቕ 1973 - መተካእታና ሓንቲ ሓዳስ ሓሙሻይቲ ሓይሊ ቖይማ። ኣምባሳደር ኣድሓኖም እዉን ከም ኮሚሽነር ናይታ ሓይሊ ተመዲቡ ክሳብ መፋርቕ 1975 ሓደ ካብቶም ዝለዓሉ ጽፍሒ ናይ ህዝባዊ ሓይልታት ነይሩ።

ኣብ ወርሒ 05/ 1975 ክሳብ መፋርቕ 1977 ቕርጺ ሰራዊት ናብ ቦጦሎኒ ምስደየበ ከኣ፡ ሓርበኛ ኣድሓኖም ከም ኮሚሽነር ቦጦሎኒ ሓደ ተመዲቡ ኣብ ድርፎን ከባቢኣን ይንቐሳቐሱ ነይሮም። ኣብዚ ናይ ኣስታት ክልተ ዓመት ግዜ ግና ምስ ድሕሪ ባይትኡ ክእለቱን ምስ ዝጸንሖ ሓላፍነትን ዝመጣጠን ዕብየት ኣይተዋህቦን። እቲ ቐንዲ ምኽንያት ከኣ ኣባል **ሚስጥራዊ ሰልፊ** ስለዘይነበረ እዩ።  ብናይ ሚስጥራዊ ሰልፊ መምዘኒ “ ዝንቡል” ተባሂልካ እንተመዚንካ ነብሱ ዝኸኣለ ጸገማት ይፈጥረልካ። እንታይ እዩ ዝምባሌኻ ስለዘይሕበረካ ከኣ ክትቕበሎ ክትእረም ወይ ከኣ ንመሰልካ ተኸራኺርካ ከተእምን ብግሉጽነት ዕድል ኣይወሃንበካን እዩ።

ስለዚ፡ ካብ 23 – 31/ January/ 1977 ቐዳማይ ውድባዊ ጉባኤ ህዝባዊ ግንባር ምስተኻየደ ከኣ፡ ሓርበኛ ኣድሓኖም ብዉሑዱ ኣባል ማእከላይ ሽማግለ ክኸውን ኣይተደልየን። እቶም ትሕቲኡ ወይ መዘንኡ ዝነበሩ ተመሃሮ ዩኒቨርሲቲ ግና ኣባላት ሰልፊ ስለነበሩ ገሊኦም ፖለቲካዊ ቤት ጽሕፈት፡ ገሊኦም ማእከላይ ሽማግለ ተመሪጾም። ኣብ ዝለዓለ ጽፍሒ ዘይበጽሑ ካልኦት ዉሑዳት ዝተበደሉ ሙሁራት እዉን ከምዝነበሩ ምጥቃሱ ግቡእ እዩ ።

ኣብ ወርሒ 05/ 1977 - ቕርጺ ሰራዊት ናብ ብሪጌድ ምስተቐየረ ከኣ፡ ሽዑ እዉን ናይ ሓላፍነት ዕብየት ከይተዋህቦ ኣብ ዝነበሮ ጽፍሒ ጥራይ ተሓጺሩ ኣብ ብሪጌድ 44 – ከም ኮሚሽነር 1ይ ቦጦሎኒ ተመዲቡ። ኣብ 1977 ኣብ ግንባር ድግድግታ ዝነበረ ምርብራብ ከኣ፡ ሓርበኛ ኣድሓኖም ኣብቲ ግንባር ዝነበራ 7- ሓይልታት ኣወሃሂዱ ነቲ ኲናት መሪሑ ከኣ ወትሃደራዊ ብቕዓቱ ዘመስከረሉ ህቡብነት ዘጥረየሉ ግዜ ነይሩ። ኣብ 1978 ጊንዳዕ ክሳብ ነፋሲት ከባቢ 16 ኪ.ሜ. ከባቢ ኣስመራ ዓሪድና ኣብ ንረባረበሉ ዝነበርና እዋን ከኣ፡ ሓርበኛ ኣድሓኖም ዕብየት ወሲኹ ከም ኮሚሽነር ብሪጌድ 23 ተመዲቡ ሰሪሑ ክሳብ 1983 .

ኣብ ጥሪ/ 1983 - ካብ መራሕቲ ሓይልታት ክሳብ መራሕቲ ብሪጌዳት ዝነበሩ ናይ ሙሉእ ውድብ ሓለፍቲ ምቕይያር ስለዝተገብረ፡  ሓርበኛ ኣድሓኖም ከም ኮሚሽነር ብርጌድ 77 ኮይኑ ተመዲቡ ነይሩ። ምኽንያቱ ብልክዕ ኣይፈልጦን ግና ነዊሕ ከይጸንሔ ናብ ክፍሊ ንግዲ ተመዲቡ ዝተወሰነ እዋን ሰሪሑ። ኣብ 1984 ከም ናይ ክፍለ ሰራዊት 85 ኮሚሽነር ኮይኑ ተመዲቡ። ኣብ ወርሒ 07/ 1987 ከኣ ከም ኮሚሽነር ክፍለ ሰራዊት ተመዲቡ ናብ 61 ተቐይሩ።

ሓርበኛ ኣድሓኖም፡ ድሕሪ ናጽነት ብሃገር ደረጃ ናይ መጀመርያ ኣኽባር ሕጊ ኮይኑ ተመዲቡ። መኣስ'ዩ ተመዲቡ ግዚኡ ብልክዕ ኣይፈልጦን ኣብ 1993 ግና ከም ኣምሓዳሪ ኣውራጃ ሰራየ ከምዝነበረ ይዝከረኒ። ግዚኡ ብልክዕ ዘይፈልጦ ብድሕሪኡ ናብ ወጻኢ ጉዳያት ተሳሒቡ  ከም ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ናይጀርያ ነይሩ። ቐጺሉ ከም ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ሃገረ ሽወደን ተመዲቡ ሰሪሑ። ሓርበኛ ኣማባሳደር ኣድሓኖም ሓደ ካብ ዝዓበየ ታሪኻዊ ኣበርክትኡ ዘየወላውል ጽኑዕ መትከላዊ መርገጺ ከምዝነበሮ ዝምስክር ኣባል ጉጅለ 15 ምንባሩ እዩ። ምኽንያቱ ካብ 150 ኣባላት ሃገራዊ ባይቶ ብሓፈሻ፡ ካብኦም ከኣ እቶም 75 ኣባላት ማእከላይ ሽማግለ ህዝባዊ ግንባር ብፍላይ፡ ሓርበኛ ኣድሓኖም ዝርከቦም ጉጅለ 15 - ካብ 1999 – 2001 ዝነበረ ግዜ ንዕንደራን ዲክታተርያዊ ምምሕዳርን ኢሰያስን ብሕትዉና ህግደፍን ብቕዋም ፖለቲካዊ ፍልልይ ፈጢሮም። ጠለባቶም ከኣ ደሞክራስያውን ሕጋውን ነይሩ ዘብሎ ቐንዲ ምኽንያታት ከኣ፡ እቲ ኣባላት 1997 እቲ ብ - 518 ኣባላት ቕዋማዊ ባይቶ ዝጸደቐ ሃገራዊ ቕዋም ክእወጅ ጠሊቦም። ብዝሒ ሰልፍታት ክምስረታ ሃገራዊ ህዝባዊ ምርጫ ክካየድ፡ ደሞክራስያዊ ምምሕዳር ክሰፍሕ፡ ተሓታትነት ዘለዎ ትካላዊ ኣሰራርሓ ክትኣታቶ ---- ወዘተ ዝብል ጠለባት ነይሩዎም። ኢሰያስን ህግደፍን ግና ናይ ጀነራላት ሚኒስተራትን ኣምባሳደራትን ዝነበሩ ኣባላት ሃገራዊ ባይቶ ሕጋውን ደሞክራስያውን ጠለባት ተቐቢሎም ፖለቲካዊ ጽገና ክገብሩ ድሉዋት ኣይነበሩን። ምኽንያቱ ስልጣኖም ክግደብ ናይ ኲናት ኢትዮ ኤርትራ ተሓተቲ ክኾኑ ፍቓደኛታት ኣይነበሩን።

ሓርበኛ ኣድሓኖም ከኣ ብኣጋጣሚ ኣብማባሳደር ኤርትራ ኣብ ሃገረ ሸወደን ስለዝነበረ፡ ኣብ 18/ መስከረም/ 2001 እቶም ካልኦት ከእሰሩ ኮለዉ ንሱ ንዝረኸቦ ዕድል ተጠቒሙ ምስ ስርዓት ኤርትራ ተፋቲሑ። ኣብ ደምበ ተቓዉሞ ተሰሊፉ ከኣ



ንዳግማይ ሓርነት ከቃለስ ወሲኑ። ሓርበኛ ኣድሓኖም ዓብየ ኣብ ቃልሲ ደኺመ ኣይበለን። ሂወቱ ክሰርዕ ኣብ ስደት መንበሪ ወረቐት ክሕዝ ናብ ስራሕ ዓለም ክሳተፍ ኣቓልቦ ኣይገበረን። ንሱ ንዝተቓለሰሉ ዕላማ ክዕወት፡ ናይ ዝዝተ7ኣስሩ ላዕለዎት ሰበ ስልጣናት ሕድሪ ኣኽቢሩ ሓርነታዊ ቓልሲ ክቕጽል ብትብዓት ወሲኑ። ውድብ መሪሑ ምስ ብጾቱ ኮይኑ ከይተሓለለ ዓቕሙ ዝፈቕዶ ጻዕሪ ከካይድ ፈቲኑ። ብሓደ ወገን ንኣዕናዊ ወትሃደራዊ ትካል፡ ፖለቲካውን ኢኮኖምያውን ዘይቕኑዕ ፖሊሲ ኢሰያስን ህግደፍን ንምቕላዕ፡ በቲ ካልእ መዳዩ ከኣ ንመሰል ተጋደልትን ንመሰል ሓዲሽ ወለዶ መንእሰይ ኤርትራን ዝሙጉት፡ “ ወፍሪ ዋርሳይ ይከኣሎ ወፍሪ ባርነት’ዩ” ብዝብል ኣርእስቲ ብዉሑዱ 9 - ክፋላት ዘለዎ ሰፊሕን መሃርን ጽሑፋት ከምዝዘርግሔ ዝምስከረሉ እዩ። መንእሰይ ወለዶ ከኣ ካብ ናይ ሓርበኛ ኣድሓኖም ጽሑፍ ብዙሕ ክመሃርን ክፈልጥን ስለዝግባእ ኣብ ኣርካይቭ ናይ መራኸቢ ብዙሃን ኣብ ብዙሕ ወብሳይት ስለዘሎ ደጊምኩም ከተንቡቡዎ ብክብሪ ይዕድመኩም።

ኣብ መዛዘሚ ጽሑፈይ፡ ሓርበኛ ኣምባሳደር ኣድሓኖም ኣብ እዋን ሓርነታዊ ቓልሲ ኣብ ዲያስፖራ ዘካይዶ ዝነበረ ዘይሕለል ቓልሲ ከኣ፡ እቶም ብግብሪ ናይ ቐረባ መቓልስቱ ዝነበሩ ታሪኽ ሓርበኝነቱ ክገልጹ ሓላፍነታዊ ከምዝገብሮ ስለዝኣምን ክሰግሮ እየ። ሓርበኛ ኣይነብርን’ዩ ታሪኹ’ዩ ዝውረስ እሞ፡ ሓርበኛ ኣምባሳደር ኣድሓኖም ነባሪ ታሪኽ ገዲፉ ስለዝሓለፈ ብሰላም ዕረፍ!! ደጊመ ኣድሓኖም መንግስተ ሰማይ ይቐበሎ ንስድራ ቤቱ ፈተውቱ ከኣ ጽንዓት ይሃኩም ይሃበና ክብል ዓቢ ክብሪ ይስምዓኒ። የቐንየለይ!!

ካብ ብሪጋደር ጀነራል - ተኽስተ - ሃይለ።

ሃገረ ሸወደን፡ ዕለት 21/ February/ 2021